# ሰንበት ዘትንሣኤ

## ሚያዝያ 8 2015 ዓ.ም.(4/16/ 2023)

ዮም ፍሥሓ ኮነ በሰንበተ ክርስትያን እስመ ተንሥአ ክርስትስ እሙታን

**መዝሙር፡** ይትፌሣሕ ሰማይ ወትትሐሠይ ምድር.. . . ሎሚ ኣብ ሰማያት ዐቢይ ታሕጓስ ኮይኑ እዩ፥ ምድሪ ከአ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ፋሲካ ትገብር ኣላ፥ ትንሣኤኡ በሰንበት ገበሮ ከም ነዳዲ እሳት ናብ ሲኦል ወረደ፥ ኣብኡ ነቲ ማዕጾ ሓጺን ሰበሮ፥ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ንሞት ሰዓሮ ንኃይሊ ጸልማት ኣባረሮ ይብል።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 15፡1-7፥ 1ጴጥ 1፡1-5፥ ግ.ሓ. 2፡22-25፥ ሉቃ 24፡13-35።

**ስብከት፡**

(1) ወተንሥአ እግዚአብሔር ከመ ዘንቃሕ እምንዋም፥
ወከመ ኃያል ወኃዳገ ወይን፥
ወቀተለ ጸሮ በድኅሬሁ።ሽዑ እግዚአብሔር ከምቲ ኻብ ድቃሱ ዚትንሥእ ሰብ ተንሥአ፥ ከምቲ ነቢት ሰትዩ ዚዕድር ጆግና ኾይኑ ተንሥኤ መዝ። 78፡65-66

(2) ዛቲ ዕለት እንተ ገብረ እግዚአብሔር፥ ንትፌስህ ወንትሃሰይ ባቲ፥ ኦ እግዚኦ አድህንሶ። እቲአ እግዚአብሔር ዝገበራ ዕለት እዚኣ እያ፥ ብኣኣ ንተሓጎስን ባህ ይበለናን፥ ኦ ጉይታ አድኅነና መዝ 118፡ 24-25።

ዘመነ ፋሲካ 6ተ ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ። ፋሲካ ማለት ምስጋር ማለት እዩ። እስራኤላውያን ኣብ ግብጺ ከለዉ መልአኽ እግዚአብሔር እናተሳገረ ነሓፎም። ካብ ባርነት ናብ ሓርነት ተሳገሩ፥ ባሕሪ ኤሪትራ ተሳገሩ፥ ንሓዲስ ኪዳን ግን ፋሲካ ብጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ዝተሳገርናሉ የዘኻኽረና ክርስቶስ ብትንሣኤኡ ንሞት ዝሠዓረሉ ንሰይጣን ዝአሰረሉ ናብ ሰኦል ወሪዱ ንአዳም ምስቶም ዝጸደቑ ደቁ ዘውጽአሉ መንግስተ ሰማይ ከፊቱ መሪሕዎም ዝአተወሉ ቦኸሪ ትንሣኤና ዝኾነሉ ዘዘኻኽር መዓልቲ ፍስሓን ታሕጓስን እዩ። ክርስትስ ካብ ሙታን ስለ ዝተንስኤ ሎሚ ብሰንበት ክርስትያን ታሕጓስ ኮነ ንአአ ካብ ኩለን መዓልታት ቀደሳን አኽበራን አልዓላን ብሓቂ ካብ ሙታን ተንሢኡ እዩ። እናበልና ንጽሊ።

ኩልና ብፍላይ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝበጻሕና ኩልና ናይ ሓደ እንፈትዎ ሞት ዝረአና ኢና። ሞት እንፈትዎም ብሓቂ ይኸብደና እሞ ኣብ ንኡስ ዕድሞኦም ክኸውን እንከሎ። ናታቶም ዘይምህላው ጎደሎ ይስምዓና ብርቱዕ ንጉሂ ኣብ ልብና ይሓድር እሞ ብገለ ክንትክእ ንፍትን። ሓደ ክመውት እንከሎ ንፍቕሪ ብኻልእ ዓይኒ ንርእያ ምኽንያቱ ዘይነፍቅር እንተ ንኸውን ሓዘን አይምተሰመዓናን፥ ፍቕሪ እምብአር ነቲ ዝነበረና ርክብ ስለ እንስእኖ ስለ ዝጎድለና ንጉሂ። ስለዚ ኣብ ውሽጢ ጓሂ ፍቕሪ ኣላ። እንጉሂ ስለ እነፍቅር ኢና።

ኣብ መዓልቲ ትንሣኤ ለይቲ ነተን ክልተ ማርያማት እዚ እዩ ገጢምወን። ንሰን ኣንጊሄን ኣብቲ መቓብር ከይደን። ማቴዎስ ኣብ መቓብር ከዳ እናበለ ይጽሕፍ። ኣብ ልበን ምናልባት እንታይ ይጽበያ ኾን ነረን። ብርግጽ ተአምራት ክገጥመን አይተጸበያን። በታ መዓልቲ ሰንበት አይሁድ ንኹሉ ነቲ ዘፍቅራአ መምህረን ዝረኸቦ እና ሓሰባ ኣብ ብርቱዕ ሓዘንን ጓህን አሕሊፈንአ ይኾና። እንተኾነ እታ ፍልይቲ ፍቕሪ ኣብኤን ሓዲራ ዝነበረት፥ በቲ ሞቱ ብርቱዕ ፈተና ዝወረዳ፥ ኣብቲ

ዝተቐብረሉ ክኸዳ ይግድደን። እቲ መልአኽ ዝበለን ቃላት ነቲ ዝነበረን ብርቱዕ ሓዘን ቁሩብ ምጽንናዕ ይህበን። ኣብ ሓዲስ ተስፋ የሰጋግረን እሞ ኣብ ሓዲስ መንፈስ ይቕይረን ኣብ ምምስካር ኣብ ምብሳር ትንሣኤ ይኣትዋ። ካብ ብርቱዕ ሓዘን ኣብ ብሩህ ተስፋ ይሳገራ። እቲ ኣብ መምህረን ዝነበረን ፍቕሪ ብሞቱ እውን ኣይተዓግተን ኣብ መቓብር ኣብ ሬሳ እውን ክረኽብኦ ፈቲነን። ኣብ ፍቕሪ ምስ ኣቶኻ ሞት ብሕይወት ትቕየር። ኣብ ፍቕሪ ዝነብር ልዕሊ ዝኾነ ነገር ዝርእዮ ስለ ዘልኦ ነቲ ብዓይኒ ሥጋ ክጋርዶ ዝኽእል ኩንኡ ርእዩ ይኽእል፥ እዘን ኣርድእቲ ኢየሱስ ዝኾና ቀዳሞት ኣንስቲ ነዚ ኩነት እየን ለቢሰን ንመምህረን ኣብ መቓብር ክርእይኦ ዝኸዳ።

## ኣብ መስቀል የሎን፡

ኣብ ገለ ክርስትያን ኣብ መስቀል ስቕለት ዘይብሉ ገሮም ይጥቀሙ ኣብዚ ሓደ ጠቓሚ ትርጉም ኣሎ። መስቀል ዝለዓለ ናይ ርእሱ ህያብ ምእንታና ንሰማያዊ ኣብኡ እዩ፥ ሕጂ ኣብኡ የለን ንሱ ኣብ ሰማይ ኣብ መንበር ክብሩ ተቐሚጡ ኣሎ እዚ ንመስቀል ዝግብኦ ክብሪ የልብሶ። እንተ ዘይኮነ መወዳእታ ዘይብሉ ጉዕዞ ምኾነ። መስቀል ምልክት ሕማሙን ሞቱን እዩ፥ ሎሚ ኢየሱስ ብግዙፍ ኣብ ኣብ መስቀል የለን፥ ንሕና ካብኡ ብኽፉእ ግብርና ክንፍለ ከሎና ዳግማይ ንሰቕሎ፥ ማለት ንሱ ምእንታና ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመት ኣብ መስቀል መይቱ እንከሎ ሎሚ ብግብርና ዳግማይ ንሰቕሎ ንስቕለቱ ንሞቱ ብላሽ ንገብሮ። ኣብ መስቀል የለን ክንብል ከሎና ብመስቀል ሓሊፉ ሎሚ ኣብ ሰማይ እዩ ዘሎ ክመውት ኣይክእልን እዩ ማለት እዩ።

ስቕለቱን ሞቱን ትርግሙ እንተ ዘይተረድኣና ከም ሓዋርያት ንኸውን ኣብ መቓብር ኣብ መስቀል ንደልዮ ንሱ ግን ተንሢኡ እዩ። መስቀሉን ሞቱ ኣብ ትንሣኤ ዘየብጽሑ እንተኾይኖም ትርጉም የብሎምን። ትንሥኤኡ ንሓዋርያቱ ኣብ ሓዲስ ርክብን ርድኢትን ኣእትይዎም። ብሳላ ትንሣኤ ብፍርሕን ስንባደን ተረቢሾም ገሊኦም ኣብ ህድማ ገሊኦም ኣብ ክሕደት ዝነበሩ ኣብ መዓልቲ ትንሣኤ ጨሪሾም ተቐይሮም ብድፍረት እቲ ኣብ መስቀል ዝሞተ ሕያው ኣሎ ኢሎም ብትብዓት ክሰብኩ ጀሚሮም። በዚ ምኽንያት ምስ ተኣስሩ ምስ ተሰዱ መከራ ምስ ጸገቡ ምኽንያት ሓጎሶም ኮይኑ። ከምኡ መጠን ዝተዋረዱ መጠኑ ኣብ ናይ ጎይትኦም ስቓያቱን ሞቱን ከም ዝተሳተፉን ኣብ ክብሩ ከም ዝሳተፉ ክሓስቡ ጀሚሮም። ንመምህሮም ብኻልእ ዓይኒ ክርእይዎ ክኢሎም። ኣብ መስቀል ዘይኮነ ኣብ መንግእም ከምዘሎ ክርእዩ ክኢሎም።

## መጸዋዕታ ሕይወትና ክንቅይር፡

ትንሣኤ ብዛዕባ ኢየሱስ ካብ ሞት ምትንሥኡን ከምኡ ነቶም ቀዳሞት ኣርድእቱ ዝገጠምን ዘዘኻኽር ጥራሕ ኣይኮነን። ትርጉም ትንሣኤ ኣብ ናይ ንፍሲ ወከፍና ሕይወትን ኣብ እምነትና ዘልኦ ርክብን ክንርዳእ ዝሕግዝ እዩ። ሶምን ሕማማትን ትንሣኤን ክነብዕል ከሎና መጸዋዕታ ንተሓድሶን ንሓዲስ ርክብን እዩ። ከምቲ ሓዋርያት ቅጽበታዊ ለውጢ ዝገበሩን ንሕና እውን ሎሚ ነዚ ክቡር ብዓል ክነብዕል ከሎና ንቅጽበታዊ ለውጢ ንዕደም ኣሎና።

ትንሣኤ ክርስቶስ ኣብ ሕይወትና እንርእዮ ቀጻሊ ዕብየት ምልክት ምስ ዝተንሥኤ ኢየሱስ ዘሎና ርክብ እዩ ዝገልጽ። ተግባርና እምነትና ምግላጽ ምስባኽን ጥራሕ ኣይኮነን፥ እንታይ ድኣ ነቲ እንኣምኖ እንሰብኮን ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ እዩ።

## ስብከትን ምስክርነትን።

ሓዋርያት ድሕሪ ትንሣኤ ክርስቶስ ሓዲስ መንፈስን እምነትን ለቢሶም። ንመምህሮም ክሰብክዎን ነቲ እምነቶም ብግብሪ ክምስክሩን ንርእዮም። ኣብ ግ.ሓ. 1፡34-43 እንተረኤና ቅ.ጴጥሮስ ብዛዕባ ናቱ ተመክሮን ምስቶም ህዝቢ ዝገበሮ ተዋስኦን ይገልጽ። ሓቀኛ ተኸታሊ ክርስቶስ ኣብ ሕይወቱ ቅሩብን ዘይፍለ ርክብ ኣብ ተመክሮኡን ኣብ ስብከቱን ኣልኦ። ሓደ ክርስትያን በቲ ምስ ክርስቶስ ዘልኦ ቀጻሊ ርክብን ድልዱል ተመክሮን ልዑል ኣፍልጦ ናይ ኣብ መስቀል ዝሞት ክርስቶስ ሕጂ ኣብ መንበር ግራማ ዘሎ ኣብ ሕይወቱ ዝለዓለ ሓጎስ ይፈጥረሉ እሞ ነዚ ሓጎስ ምስ ካልኦት ክካፈሎ እሞ ናቶም ሓጎስ ክገብርዎ ክሕግዝ ሓላፍነቱ እዩ። ንሕና ሰበኸቲ ክርስቶስ ኢና። ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ክንሰብኮ ክንምስክሮ ሕሩያት ኢና።

ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ተመክሮ ሕይወቱ ባዕሉ ኣብ ቆላስያስ 3፡1-4 ዘሎ ወይ ኣብ 1ቆሮ 5፡6-8 ከመይ ኢሉ ካብ ኣሳዳዲ ናብ ሰባኺ ወንጌል ከም ዝተቐየረ ተመክሮኡ ይነግር። ተመክሮኡ ጨሪሹ ሕይወቱ ከም ዝቕይር ገርዎ። ነነገራት ብሓዲስ መልክዕ ክርእዮ ጀሚሩ ብፍላይ ኢየሱስ መን ምዃኑ ተልእኮኡን ክርኢ ጀሚሩ። ዝተረፈ ምሉእ ሕይወቱ ነቲ ብምሉእ ሓይሉ ንክርስትያን ከጥፍእ ዝጽዕሮ ዝነበረ ኣብ ስብከተ ወንጌል ክሕልፎ ጀሚሩ። ኩሎም ኣይሁድን ካልኦትን ንኢየሱስ ክፈልጡ ከፍቅሩ ክኽተሉን ክኣምኑን ብኹሉ ዓቕሙ ጽዒሩ።

## መቓብር ጥርሑ ጸኒሑ፡

ኣብ ወንጌል ኢየሱስ ዝተቐብረሉ መቓብር ጥርሑ ከም ዝጸንሐ ነንብብ፥ እዚ ኸኣ ምልክት ትንሣኤኡ ኮይኑ። ማርያም መግደላዊት ኣብ መቓብር ምስ ከደት እቲ ዓቢ እምኒ ክትደፍኦ ቀሊል ዘይኮነ ተገብምጢሉ ረኺባቶ እሞ ነርድእቱ ክትነግሮም ከይዳ። ጴጥሮስን የውሓንስ ጎየም ከይዶም ምስ ረአዩ ተረዲእዎምን ኣሚኖምን። ወንጌል ከም ዝብሎ ክሳብ እዚኣ ሰዓት ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ካብ ሙታን ክትንስእ ምኻኑ ዝብልዉ ክርድእዎ ኣይከኣሉን ነሮም። እቶም ኣብ መገዲ ኤማሁስ ዝኸዱ ዝነበሩ ኣርድእቲ እውን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝብልዎ ክርድኦም ከምዘይ ከኣለ ክገልጽ ንርእዮ።

ትንሣኤ ክንብል ከሎና ናይ ሰውነት ኢየሱስ ኣብ መስቀል ዝሞተ ካብ ሞት ምትንሣእ ማለት ኣይኮነን። ኢየሱስ ከምዝተንሥኤ ዝረኣዩ የለን ምኽንያት ኣብ ትንሥኤ ሓንቲ ነገር ዝርአ የለን። ኣብ መስቀል ምማት ኣብ ታሪኽ ዝተፈጸመ እዩ። ትንሣኤ ግን ናይ እምነት ጉዳይ እዩ። ዝተንሥኤ ኢየሱስ ኣብ ሓዲ ሕይወት እዩ ኣትዩ። ኩሎም ናይ ድሕሪ ትንሣኤ ጽሑፋት ከም ዝሕብርዎ እቶም ናይ ቀረባ ኣርድእቱ ከለልይዎ ከም ዘይከኣሉ ኩሉ ጊዜ ሓዋርያቱ ኣብ ዘለውዎ ኣብኡ ከምዘሎ ነንብብ። እዚ ኸኣ ሎሚ ንሱ ኣብ መንጎና ክህሉ ንሕና ኣርድእቱ ኣብ ዘሎናዮ ከምዘሎ ከረድኣና እዩ። ንሕና ሰውነት ክርስቶስ ኢና ብኻልእ ኣዘራርባ ከም ማሕበር ክርስቶስ ነቲ ዝተንስኤ ሰውነት ክርስቶስ ሕያው ንገብሮ። እዚ እዩ እቲ ብዓይኒ ትንሣኤ ዝርኤ። ንሕና ደቂ ትንሣኤ ዘብልና ነቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ኣብ መንጎና ከምዘሎ ኣሚና ንኻልእ ከምዝኣምኑ ክንገብር ከሎና እዩ።

ኣብ ፍርቂ ናይ ሎሚ ወንጌል ነዚ ኢና እንርዳእ። ጴጥሮስን ዮውሓንስ ነቲ ዝረኣይዎ ክነገሩ ኣብ ብጾቶም ከይዶም ማርያም መግደላዊት ኃጢአተኛ ሰበይቲ ዝነበረት ሕጂ ግን ናይ ብሓቂ እምንቲ ተኸታሊት ኣብ መቓብር ተሪፋ። ተሳፋ ቆሪጻ እናነብዔት እያ ኣብኡ ተሪፋ። እቲ እተፍቅሮ ምምህራ መይቱ ጥራሕ ዘይኮነ ሰውነቱ እውን ኣይረኸበቶን። ኣብ መቓብር ክልተ መላእኽቲ ርእያ (እዚ ኸኣ ምልክት ህላዌ ኣምላኽ እዩ) ስለምታይ ትበኽዪ ኣሎኺ ኢሎም ሓቲቶማ። ንጎይታይ ወሲዶሞ ኢላ እና ተዛረበት ግልጽ እንተበለት ንኢየሱስ ርእያቶ እንተኾነ ኣየለለየቶን። እዚ ኣብ ድሕሪ ትንሣኤ ብተደጋጋሚ እንርእዮ ነገር እዩ። ኣየለልይዎን። ኢየሱስ ከም ማንም ሰብ

ይመስል። ማርያም ሓላው ኣታኽልቲ መሲልዋ ንሱ ወሲድዎ እንተኾነ ክህባ ትሓቶ። ወንጌል የውሓንስ ኢየሱስ ኣብ ኣታኽልቲ ዘለዎ ከም ዝተቐብረ ይነግረና። ናይ ኣዳምን ሔዋንን ውድቀት ኣብ ገነት እዩ ተፈጺሙ። ድሕነት ኣብ ገነት ይጅምር።

ኢየሱስ ስማ ምስ ጸውዓ ኣለሊያቶ። ኣብ ወንጌል የውሓንስ ብዛዕባ ሕያዋይ ጓሳ ክዛረብ እንከሎ ንእኡ እቲ ሓላው ኣፍደገ ይኸፍተሉ፡ እተን ኣባግዕ እውን ድምፁ ይሰምዓ፥ ነተን ኣባግዕ ኸአ በብስመን ጸዊዑ የውፍረን። ንኹለን ነተን ኣባግዑ ምስ ኣውፈረን ድማ ቀቅድሚአን ይኸይድ፥ እተን ኣባጊዑውን ድምፁ ስለ ዘለልያ ይስዕባእ ንጓና ግን ድምፁ ስለ ዘየለልያ ኻብኡ ይሃድማ እምበር ኣይስዕባኦን እየን፥ ዮሓ 1፡3-6 ይብል። ማርያም ድምፂ መምህራ ኣለሊያ። ኣብኡ ቀሪባ ኸእ ፍቕራ ገሊጻ። ካብእ ከይከይድ ትቐርቦ፥ እንተኾነ ንሳ ክኸይድ ክትሓድጎ ኣልአ ምኽንያቱ ንሳ ምስቲ ቅድሚ ትንሣኤ ዝነበረ ኢየሱስ እያ ዘላ። ዝተንሥኤ ኢየሱስ ኣብ ክብሪ ኣብኡ ክኸይድ ኣልኦ። ክምለስ እዩ ግን ብኻልእ መልክዕ። ካብ ሕጂ ንድሓር ኣብ መንጎ ኩሎም እቶም ናቱ ዝኾኑ ከም ሓደ ሰውነት ኣብ ሓደ ዝርከቡ ኣብ መንግኦም ኣሎ። ኣብ ቤተክርስትያንን ኩሎም ኣባላታን ኣብ መንግኦም ኣሎ።

ማርያም ነዚ ዝረአየቶ ነገራት ክተካፍል ጎያ ናብ ኣርድእቱ ከይዳ ንጎይታ ርእየዮ ኢላቶም። ሰበይቲ እሞ ኃጢአተኛ ዝነበረት እያ እታ ንመጀምርታ ነዚ ዓቢ ብስራት ክትነግር ዝተዓደለት። እዚ እዩ ስብከተ ወንጌል ዝብሃል። ዓምዲ እምነታት ምምሕልላፍ ኣይኮነን ንዝረአኻዮ ንዝሰማዕካዮ ምክፋል እዩ። ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ዝነገረናን ዝረአናዮን ከምኡ ዘሎና ተመክሮ ክንምስክር እሞ ሰባት ነቲ ንሕና ዝተመከርናሉ ከምዝምከሩ ምግባር እዩ ሕርየትና።

## ሓደ ዓይነት ተልእኮ ኣሎና።

ትንሣኤ ክነብዕል ከሎና ሓደ ዓይነት ሓላፍነት የልብሰና ከም ጴጥሮስ ከም ማርያም መግደላዊት ከም ኩሎም ሓዋርያት ትንሥኤ ክርስቶስ ክነበስር። ኣብ 1ቆሮ 5፡ ከም እንረኽቦ ትንሣኤ ንፍጹም ተሓድሶን ተቐይሮን የዘኻኽረና። ነፍሲ ወከፍና ክነጽሕ የዘኻኽረና። ኣይሁድ ኣብ ፋሲክኦም ነቲ ዝበኹዐ እንገራ በቲ ዘይ በኹዐ ንእጌራ መታን ክትክእዎ ንኹሉ ይጉሕፍዎ። እቲ መባኹዕቲ ነቲ ብኹዕ የሙቶ እዩ ስለዚ ዘይሞተ ሓዲስ እንጌራ ይበልዑ። ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ምስቲ ክርስትያናዊ ትንሣኤ ኣተሓሒዙ ሓደስቲ ፍጥረት ክንከውን ማለት ካብ ኩሉ ናይ ቀደም ሕይወትና ወጺእና ኣብ ክርስቶስ ሓዲስ ሕይወት ክንረክብ ይዕድመና።

ከምቲ ቀዳሞት ኣርድእቲ ኢየሱስ ነቲ ሰናይ ወረን ጸጋን ኣብ ሕይወቶም ጥራሕ ሒዘሞ ዘይተረፉ ነፍስወከፍና ኣብዚ ብዓል እንሳተፍ ዘሎና ነዚ ክነግር ኣብኡ ከም ዝሳተፉ ክንገብር። ነቲ ኣምላኽ ዝገበረልና ኩሉ ክንምስክሮን ክነግሮን ንሕተት ኣሎና። ንእምላኽ ረኺበዮ እሞ ንስኹም ከአ ርኽብዎ ብሃልቲ ክንከውን። ሓጎስ ትንሣኤ ክሎ ጊዜ ክንለብሶ። ንሎሚ ምዓልቲ ጥራሕ ዘይኮነ ኩሉ ጊዜ ትንሣኤ ክነብዕል።

ቅዱስ ጴጥሮስ ከም ዝብሎ ንሕና መሰኻኽር ኢና፥ ነቲ ኢየሱስ ዝሰበኾን ዘሕወዮን ከምኡ ማእሰርቱን ሞቱ ትንሣኤኡ ኩሉ እንምስክር ኢና። ድሕሪ ትንሣኤኡ ምስኡ በሊዕና ሰቲና እናበለ መስኪሩ። ንሕና ኣብ መአዲ ቅዱስ ቍርባን ክንቀርብ ከሎና ነዚ ኢና እንገብር፥ ምስ ዝተንሥኤ ኢየሱስ ንበልዕ ንሰቲ። እዚ ንሓዲስ ተልእኮ ይዕድመና ማለት ክርስትያናዊ ግቡእና ክንፍጽም ሰንበት ሰንበት ብምምጻእና ኩሉ ከም ዝፈጸምና ገርና ከይንሓስብ የዘኻኽረና። ተልእኮና ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበና ጸጋ ኣለሊና ክንክእል።

ከም ሰባት መጠን ብምልኡ ምስ ክርስቶስ ዘራኽበና መገዲ ክንሕዝ። ኣብ ሓቅን ሕይወትን ዝኾነ ክርስቶስ ክንበጽሕ እሞ ኣብ ምሉእ ዕርቅን ንስሓን ምስ ኣምላኽን ሰብን ክንኣቱ። እዚ ነጻነት ርትዕን ሰላምን ኣብ ዓለምናን ነቲ ሓደ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪና ኣምላኽ ኣቦ ሓቅን ፍቕርን ሓደ ዝገብረና ዕለት ከም እንሰናዶ ይገብረናን የልብሰናን።

ትንሣኤ ክንገር ክስበኽ ዘልኦ ዓቢ ሓላፍነት ኩልና ኣምንቲ እዩ። ኩልና ሰበኽቲ ኮና ክንወፍር ሕይወትና ርድኢትና ኩሉ ክንቅይር ይግብኣና። ኣብ ስብከት ክንወፍር ክንቅየር ኣሎና። ንኢየሱስ ኣብ መቓብር ዘይኮነ ኣብ ርክብ ነፍሲ ወከፍና ኣብ ሓዳርና ኣብ ኣገልግሎትና ኣብ ዓለምና ክንረኽቦ ኣሎና። ንመምህር ርእየዮ ዝበለት ማርያም መግደላቂት ሎሚ ንሕና እውን ረኺበዮ ርእየዮ ክንብል እሞ ንኹሉ ክንቅይር።

ትርጉምን ጣዕምን ትንሥኤ ልዕሊ ኹሉ ዘስተማቕረት ማርያም ሎሚ እውን ምስ ዝተንሥኤ ወድኺ ኣራኽብና ንበላ። ኣብ ኩሉ ዝገጥመና ጸገምን ፈተናን ብዓወት ክንሓልፎ ሓግዝና ንበላ። ከምቲ ንስኺ ዝረኣኽዮ ርኢና ክንክእል ለምንልና ንበላ።

ንኹልኹም ርሑስ ብዓለ ትንሣኤ እብል።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ